ክዲዑ ኢሎምና !

ክዲዑ ኢሎምና ክዲዑ
መንግስቲ ጠሊሙ ሰዲዑ

ክዲዑ ኢሎምና ..................................
ሰብ ኣላሚት ማኪና
ቆልዑ ነበር እንዳዜና
ዝበሉና ፈላጣት ኢና
መሬት ኣፈርኪቡ ኮይና
ብዕራይ ሓሪዶምልና
ድሮ ተስካር ጌሮምልና
ከናቑቱ ሰብና
"ከብሕቱ" መራሒና
ብዘይ ሬድዮ ኦፕሬተር ከትርፉና
ተስፋ ከቑርጹና
ንከይስማዕ 'ቲ ደሃይና

ክዲዑ ኢሎምና ..................................
ዓለባ ጋቢ ነጸላ ዝኣልሙልና
ንሱ ብንሱ ዘመሓላልፉልና
ዘመሳቕሉልና
ጨርቅና ከደርብዩና
ዕርቃን'ና ከትርፉና
ክሰብሩ ዓጽምና
ከቑርሩና
ጥራዮም ከምዝወጹ
ክሽፍኑልና
ጥራይ ከትርፉና

ክዲዑ ኢሎምና ................................
ኣላዝብ ዘላግቡልና
ኣብ ዓብዓባይቶና
ክሰሓብ ገመድና
ክብ ለጠቕ ዘብሉልና
ከረኻኽቡልና
ታሪኽ ዝፈትሉልና
ክፍሕሱልና
ፍሩይ ዝጉንጉኑልና
ክጠዋውዩልና
ዝገምዱልና
ሓድሕድ ከተኣሳስሩልና

ክዲዑ ኢሎምና...............................
ጡጥ ጸምሪ ዘሃ ዝፈትሉልና
ፋእሚን ቅጥኒን ዝገብሩልና
ሰንጣቒት ዝሰርሑልና
ውርዲ ከንእሱልና
ከጀልሑልና

ክዲዑ ኢሎምና...............................
ክጥመቱ ብዋጋና
ክሽቅጡ ግመ ደበና
ኣብ ፍብርኺና
ንክኸብሩ ኣብ ዓለምና

ከዲዑ ኢሎምና..................................
ንሕናስ ነይገረመና
ከንደይ ቁሪ ከምዘየሕለፍና
ኣብ ጥራይ ነብስና
ኀቦታት ምስ ደየብና

ሕጂ ኸ እንታይ'ዮም ክብሉና
ምስ ሓዝና ረድዮና
መጉልሒና
ዕልል ድዮም ክብሉልና
ሽውዓተ ክቆጽሩልና
ተወሊዱ ክብሉና
ማእለማ ገዲፎም ክቁንኑና
ግልብጭ ክሰርሑና
ወይስ ከም ቀደሞም ክፍሕሱልና
ካልእ ክፈትሉልና ?

ቅርጽ ደኣ ይበሉ
ይሕመሙልና
ልልው ይበሉልና
ክሳብ ዝኸዱ ሕክምና
ፍሕስ ይበሉልና
ከምቲ ፍሕስ ዘበሉልና !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
እንዳ ማእለማ ጋቢ
ስደት